# ኣብ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣወንታዊ ውሳነ ምስትረኽቡ

ኣብ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣወንታዊ ውሳነ ምስረኽብኩም ምናልባት ብዙሕ ክትሓስቡሉ ዘለኩም ነገራት ከም ዝህልወኩም ንፈልጥ ኢና። እዚኦም ድማ ንክትመሃሩ፡ ንክትሰርሑ ወይ ንእትሓልዩሎም ሰባት ንምርኣይ ንክትገሹ ዘለኩም መደባት ከጠቓልሉ ይኽእሉ። **ውሳነኹም ምስ ተቐበልኩም ናይ ዑቕባ ደገፍኩም ክውዳእ ሓጺር ግዜ ጥራይ እዩ ዘለኩም፡ ስለዚ መጀመርያ ኣብዘን ሰለስተ ነገራት ምትኳር ኣገዳሲ እዩ።**

## 1. መረጋገጺ ኩነታትን መለልዪ መንነትን - ናትኩም ናይ ባዮሜትሪክ መንበሪ ፍቓድ (BRP)

- ኣወንታዊ ውሳነ ምስ ረኸብኩም፡ ሆም ኦፊስ ንዓኹም ወይ ንጠበቓኹም፡ ናይ BRP ካርድ ክሰዱ ኣለዎም። ብኢመይል ወይ ብፖስታ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ነዚ ካብ መንበሪ ገዛኹም ቅድሚ ምውጻእኩም እንተወሓደ ቅድሚ 7 መዓልቲ ክትረኽቡዎ ይግባእ።
- እቲ BRP ሓድሽ መለለዪ ሰነድኩም (ታሴራኹም) እዩ፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ድማ እዩ። ስራሕ ንምርካብ ወይ ሓገዛት (በነፊት) ንምሕታት፡ ከምኡ'ውን ትነብሩሉ ቦታ ክትካረዩሉ ከድልየኩም እዩ።
- ናይ BRP ካርድ እንተዘይተቐቢልኩምን ደገፍኩም ድሕሪ 7 መዓልታት ወይ ትሕቲኡ ዝውዳእ እንተኾይኑን ብህጹጽ ንማይግራንት ሀልፕ ብ 0808 8010 503 ወይ positivemoveon@migranthelpuk.org ርኸቡዎም።

## 2. ገንዘብኩም

- ኣወንታዊ ውሳነ ምስ ረኸብኩም፡ ክትሰርሑን ገንዘብ ክትረኽቡን ይፍቀደኩም።
- ክትሰርሑ እንተዘይክኢልኩም ወይ ቀልጢፍኩም ስራሕ ክትረኽቡ እንተዘይክኢልኩም፡ ንናይ ድሕነት ሓገዝ (መብዛሕትኡ ግዜ ዩኒቨርሳል ክረዲት) ክተመልክቱ ኣለኩም። ብኢንተርነት፡ ወይ ብኣካል ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ጆብ ሰንተር ፕላስ ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ቅድሚ ክፍሊታትኩም ምቕባልኩም ገለ ግዜ ክወስድ ስለ ዝኽእል ነዚ ብቕጽበት ግበሩዎ።
- BRP እንተዘይብልኩም፡ ዕቑባ ከምዝተዋህበኩም ዝገልጽ ደብዳቤኹምን ናይ ARC ካርድኹምን ብምጥቃም ንናይ ድሕነት ሓገዛት ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- ናይ ባንክ ሕሳብ`ውን ክትከፍቱ ከድልየኩም እዩ።

## 3. መንበሪ ገዛኹም

- ኣወንታዊ ውሳነ ምስ ረኸብኩም፡ ናብ ናይ ገዛእ ርእስኹም መንበሪ ምድላይ ክትጅምሩን ናብኡ ክትግዕዙን ትኽእሉ ኢኹም።
- ንምምሕዳር ከባቢኹም (ውሳነ ምስ ረኸብኩም ትነብሩሉ ዝነበርኩምሉ ቦታ) ክሕግዘኩም ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም። ብሓፈሻ ጥዑይ እንተኼንኩምን ምሳኹም ዝነብሩ ቆልዑ እንተዘይብልኩምን ከም ቀዳምነት ዘለዎ ኣይትረኣዩን፡ ከምኡ'ውን ዝኾነ መንበሪ ክህቡኹም ዘሎ ተኽእሎ ድማ ጸቢብ እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ንኹሉ ሰብ ናይ ማሕበራዊ ኣባይትን ናይ ካውንስል መንበሪ ቤትን ከቢድ ሕጽረት ኣሎ።

### ናይ መንበሪ ገዛ ኤቢሲ (ABC)

A ቀዳማይ - እቲ ቀዳማይ ዝረኸብኩሞ ቦታ ናይ ሓጺር ግዜ ጥራይ ክኸውን ከም ዝኽእል **ተቐበልዎ**። ንእሽቶ፡ ናይ ሓባር ወይ ግዝያዊ መንበሪ ክኸውን ይኽእልን ኣብቲ ክትነብሩሉ እትደልይዎ ከባቢ ዘይክኸውን ይኽእልን።

B ቀጺሉ - ገለ ኣታዊን/ወይ ስራሕን ምስ ረኸብኩም፡ ናብቲ እትደልይዎ ዝቐረበ፡ ግን ከኣ ሕጂ'ውን ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎ **ዝሓሸ** ቦታ ክትካረዩ ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም። ከም ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝን ናይ ስራሕ ደገፍን ዝኣመሰሉ ነገራት ነዚ ንምግባር ክሕግዙኹም እዮም።

C ደሓር - ንነዊሕ እዋን ክትነብሩሉ እትደልዩዎ **ምቹእ** ገዛ ናብ ምርካብ ስርሑ።

SCAN ME

RSMP NORTH WEST REGIONAL STRATEGIC MIGRATION PARTNERSHIP

boaztrust

ብዛዕባ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ሓገዝ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንመርበብ ሓበሬታ ንምኽፋት ካሜራ ስልክኹም ናብዚ ኪው ኣር (QR) ኮድ ኣመልክቱ።